# ብዛዕባ ናይ ቪክቶርያ ሓድሽ ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን ዝገልጽ ሓበሬታ

Tigrinya | ትግርኛ

**OFFICIAL**

## ናይ ቪክቶርያ ሓድሽ ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን

እዚ ናይ መረዳእታ ወረቐት እዚ ነቲ ናይ ቪክቶርያ ሓድሽ ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን (*ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን/Mental Health and Wellbeing Act 2022*) ንኽትርድኦ ዝሕግዘካ ሓበሬታ ኣለዎ።

እቲ ሓድሽ ሕጊ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዝተመስረተ ኢዩ። ዕላማኡ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፦

- ሰባት ጽቡቕ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ንኽህልዎም ምሕጋዝ
- ነቶም ኣእምሮኣዊ ሕማም ዘለዎም ሰባት ምክልኻል
- ኣእምሮኣዊ ሕማም ንዘለዎም ኣባላት ዘለውዎም ስድራ ቤታትን ኣለይትን ምሕጋዝ።

እቲ ሓድሽ ሕጊ ናይ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን ኣገልግሎታት ንኹሉ ሰብ ድሕንነት ከም ዝህልዎ ዝገብር መሰረታዊ ስርዓታት ኣለዎ። እዚ ማለት ድማ ኩሉ ዝሓቍፍን ብቐሊሉ ተበጻሒን እዩ ማለት እዩ።

እዚ መሰረታዊ ስርዓታት እዚ ኣገልግሎት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ንኹሎም እቶም ኣብቲ ማሕበረሰብ ዘለዉ ሰባት እንተላይ ነቶም ካብ እተፈላለየ ባህልን፣ ቋንቋን እምነትን ዝመጹ ሰባት ከኽብሮም ከም ዘለዎ ይገልጽ።

## መግለጺ መሰላት

እቲ ሓድሽ ሕጊ ሓደ ሰብ ንኣእምሮኣዊ ጥዕናኡ ኣብ ሆስፒታል ሓገዝ እንተድኣ ጠሊቡ መግለጺ መሰላት ክውሃቦ ግድን እዩ ይብል።

መግለጺ መሰላት ናይ ሓደ ሰብ ሕጋዊ መሰላት ዝገልጽ ሰነድ እዩ። ኣብ ሆስፒታል ዘለዉ ሰራሕተኛታት ንሓደ ሰብ ሓሳባት እቲ መግለጺ መሰላት ንኽርድኦ ኽሕግዝዎ ኣለዎም።

እቲ መግለጺ መሰላት ብቛንቋታት ማሕበረሰብ ተተርጒሙ ኣሎ፣ ኣብቲ ኣብ ናይ ክፍሊ ጥዕና ወብ ሳይት ኣብ [www.health.vic.gov.au/mental-health-and-wellbeing-act](www.health.vic.gov.au/mental-health-and-wellbeing-act) ድማ ይርከብ

## ናይ ምርጫታት ቅድመ መግለጺ

ናይ ምርጫታት ቅድመ መግለጺ ዝበሃል ሓደ ሰብ ኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ክንክንን እንታይ ክግበር ከም ዝደሊን እንታይ ክግበር ከም ዘይደሊን ኣቐዲሙ ምስ ዝጽሕፍ እዩ።

ናይ ምርጫታት ቅድመ መግለጺ ሓደ ሰብ ግዴታዊ ሕክምና እንተድኣ ክወሃቦ ኾይኑ ብኸመይ ሓገዝ ክረክብ ከም ዝደሊ ክገልጽ ይኽእል ኢዩ። ንኣብነት፣ ገለገለ መድሃኒት ኣይደልይን ክብል ይኽእል ኢዩ።

እቶም ሰራሕተኛታት ኣብቲ መግለጺ ዘሎ ኽትግብሩ ኽፍትኑ ኣለዎም። ሰራሕተኛታት ኣብቲ መግለጺ ንዘሎ እንተ ዘይገይሮምዎ፡ ስለምንታይ ከምኡ ኸም ዝገበሩ ኽጽሕፉ ኣለዎም።

ሓደ ሰብ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ናይ ምርጫታት ቅድመ መግለጺ ክጽሕፍ ይኽእል እዩ።

# እተሰየመ ዝድግፍ ሰብ

እተሰየመ ዝድግፍ ሰብ ሓደ ሰብ ግዱታዊ ሕክምና እንተድኣ ሃልይዎ ንኽሕግዞ ዝመርጾ ሰብ ኢዩ።

ሓደ ዝተሰየመ ዝድግፍ ሰብ ንሓደ ሰብ ከምዚ ዝሰዕብ ክሕግዞ ይኽእል ኢዩ፦

- ብዛዕባ ኣእምሮኣዊ ሕክምናን ክንክንን ውሳነ ምግባር
- እቲ ሰብ እንታይ ከም ዚደሊ ንሓካይም ምንጋር።

ሓደ ሰብ ንመን ከም ዝተሰየመ ዝድግፍ ሰብ ክገብሮ ከምዝደሊ ክጽሕፍ ኣለዎ፣ እቲ ሰብ ከኣ ዝተሰየመ ዝድግፍ ሰብ ክኸውን ፍቓደኛ ክኸውን ኣለዎ።

# ሕጋዊ ዘይኰነ ተጣባቒነት

ሕጋዊ ዘይኰነ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ተጣባቒነት ኣገልግሎት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣገልግሎት ኣሎ።

ሕጋዊ ዘይኰነ ተጣባቒነት ኽበሃል ከሎ ካብ ሕጋዊ በዓል ሞያ ዘይኰነ ሰብ ሓገዝ ትረክብ ማለት እዩ። እዚ ሰብ እዚ ተጣባቒ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ሓደ ሰብ ግዱታዊ ሕክምና እንተድኣ ተዋሂብዎ፣ ካብ ሓደ ተጣባቒ ሓገዝ ክወሃቦ ኣለዎ። እቲ ሰብ ተጣባቒ እንተ ዘይደልዩ 'ኣይፋል' ክብል ይኽእል እዩ።

ስም እዚ ኣገልግሎት እዚ ኢንዲፐንደንት ሜንታል ሄልዝ ኣድቮካስይ/Independent Mental Health Advocacy (IMHA) ይብሃል።

# ኮሚሽን ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን

ሓድሽ ኮሚሽን ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን ኣገልግሎት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ንኹሎም ሰባት ድሕንነት ዘለዎን ድሉውን ምኳኑ የረጋግጽ።

ሓደ ሰብ ብኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን ዘይሕጐስ እንተ ኾይኑ ነቲ ኮሚሽን ክነግሮ ይኽእል እዩ። እቲ ኮሚሽን ጽን ኢሉ ብምስማዕ መፍትሒ ንምርካብ ክጽዕር ኢዩ።

# ሓበሬታ ብኸመይ እዩ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕልን ዝዝርጋሕን?

እቲ ሓድሽ ሕጊ ኣገልግሎት ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን ንኻልኦት ሰባት ሓበሬታ ኽካፍሉም ከም ዝኽእል ይገልጽ

- ሓደ ሰብ 'እወ' እንተ ኢሉ
- ወይ ከኣ ሓድሓደ ግዜ ንሓደ ሰብ ብደሓን ንምሕላው።

ኣብ ትሕቲ እቲ ሓድሽ ሕጊ፣ ንሰባት ዝበለጸ ደገፍ ንምሃብ ሓበሬታ ምስ ካልኦት ኣገልግሎታት ክካፈል ይከኣል ኢዩ።

እዚ ምስዞም ዝስዕቡ ክኸውን ይኽእል እዩ

- ኣገልግሎት ኣባይቲ
- ኣገልግሎታት እጽን ኣልኮላዊ መስተን።

ሓደ ሰብ ነቲ ሓበሬታ ንኻልኦት ኣገልግሎታት ከካፍሉም ዝደሊ እንተ ኾይኑ ኽመርጽ ይኽእል እዩ።

ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት እውን ሓበሬታ ምስ ናይ ኣምቡላንስ ኣገልግሎት ክካፈል ይኽእል ኢዩ።

# ዝያዳ ሓበሬታ ኻበይ ክረክብ ይኽእል?

እዋናዊ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ በጃኻ ኣብቲ ኣብ mental-health-and-wellbeing-act <https://www.health.vic.gov.au/mental-health-and-wellbeing-act> ኣብ ወብ ሳይት ክፍሊ ጥዕና ቪክቶርያ ዝርከብ ገጽ ርአ።

ነዚ ሰነድ እዚ ብኻልእ ቅርጺ ንምቕባል እንተደሊኻ ብmhwa@health.vic.gov.au<mhwa@health.vic.gov.au> ኢሜይል ግበር።

ብናይ ቪክቶሪያ መንግስቲ ዝፀደቐን ዝተሓትመን፤ 1 Treasury Place፣ Melbourne.

© መንግስቲ ቪክቶርያ ኣውስትራልያ፣ ክፍሊ ጥዕና፣ ነሓሰ 2023።

ISBN 978-1-76131-227-4 (pdf/online/MS word)

0ኣብ ወብ ሳይት ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ሃለዋትን/Mental Health and Wellbeing Act<https://www.health.vic.gov.au/mental-health-and-wellbeing-act> ይርከብ።